# መ በ ል 50 ዓመት




## ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ብዓቢ ድምቀት
## ኣብ ከተማ ፍራንክፉርት ሃገር ጀርመን!!

## ካብ ዕለት 1 ክሳብ 4 መስከረም 2011

ባሕቲ መስከረም መጺኣ ከም ቀደማ
ባንደራ ስቐሉ ኣምበልብሉ ኣርማ
ሃገርና ክውዳእ ኢዩ እቲ ጸገማ
እነሆ መስከረም ንኹሉ ዓዲማ።

ባሕቲ መስከረም ፈላሚት ሰውራና
ታሪኻዊት ዕለት መድሕን ናይ ሃገርና
ሕጂ'ውን ንምድሓንኪ ተዳሊና ኣለና
ሕድሪ ስዉኣትና'ዩ ኣይነዕብርን ቃልና።

ወዲ ዓወተ ሓርበኛ ኣቦ ሰውራ
ገድሊ ዘንቀለ ንምድሓን ኤርትራ
ተ.ሓ.ኤ መስሪቱ ዘዐመረ ሰውራ
ናብ ቃልሲ ዘውሓዘ ሃገር ብሃገራ።

በሉ ደቂ ሃገር መስከረም ዓዲማ
ነቲ ክቡር ታሪኽ ከነልብሶ ግርማ:

መንእሰያት ሃገር ተረከብቲ ሕድሪ
ታሪኽ ክትሰምዑ ናይ መስከረም ባህሪ
ሓቢርና ከነጸንብሎ ናይ መስከረም ክብሪ
ዕድመን ንኽብር ንወስኸሉ ናህሪ::

ኣኽራናት ኣዳል ዕርድታት ጀጋኑ
ባና ናይ ሰውርና በሉ ተሓበኑ
ወዮ ታሪኹም ድሮ 50 ዓመት ኮይኑ

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!

ብደሓን ምጽኡ!!